## መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ምዓስ ተጸይቑ ?
## (ሻምናይ ክፍሊ)
## ቦምባ ክዓቁር ክብል ነብሰይን ብጾተይን ኣጥፊኦ ነቢረ።

ሓጎስ ወልዱ 11.02.2004

ኣብ መወዳእታ መጋቢትን መጀመርታ ሚያዝያ 1979 (April)፡ ሳልሳይ ወራር ደርጊ ነበረ። ዕርዲ ናይ ግምባር ወድጋን ብለይቲ ገደፍናዮ። ካብ ምፍራስ ሰሜናዊ ግምባር ጀሚርና ክሳብ እዚ ግዜ፡ ዕርዲታትና መተካእታ ከይገበርናሉ ኢና ንገድፎ ነቢርና። ትርጉሙ ክኣ ግዜ ምዝላቕና ይቕጽል ነቢሩ ማለት ኢዩ። ብለይቲ ክይድ ሓዲርና። ኣብዚ ግዜ ብዙሓት ሰባት ጋህሚ ተታሒዞም ነበሩ። እዚ ሕማም ጋህሚ ካብ ዝጅምረና ሰሙናት ድኣ ይሕለፍ እምበር፡ እዚ ቫይታሚን ኤ (ቀሊል) ዝፈውሱ ብርቱዕ ሕማም ንምፍዋስ ዝተገብረ ፈተነ ኣይነበረን። መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ገንዘብ ከውጽእ ፍቓደኛ ኣይነበረን ከም ኩልና ንፈልጦ። እናተመራራሕና መንገድና ብለይቲ ቀጺልና። እቲ ልሙድ ድኻም፡ ጥሜት፡ ሕማም፡ ዕርቃን ኣሳእንን ክዳውንትን እውን ነበረ። ብፍላይ ኣብ ግዜ ውግእ ሳእኒ ወሳኒ ተራ ነበሮ።

ከመዮ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስኩዎ፡ ሕማም ጋህሚ ብምንባሩ ምእንቲ ክንመራራሕን ክንተሓላለውን ሕሹኽሹኽ ክንብህሃል እውን ኣድላይነት ነበሮ። ገልጠምጠም ናይ ሞቓሉን ታኒካታትን ገረወይናታትን እውን ነበረ። ነንሕድሕድካ ምትሕልላው እውን ነበረ። ስለዚ ብኣጻድፍ እናኸድና ከሎና ካብ ብርእሰና ዝነበረ ጎቦ፡ ኣርፒጂ፡ ላውንቸር፡ ባዙቃ ወዘተ ዝትሓወስዎ ብርቱዕ መጥቃዕቲ ወረደና። ንሕና ነንሕድሕድና “እንታይ ተርኽበ” ክንብሃሃልን “መጡን መጡን” ክንሰምዕን፡ መራሕትና ክኣ “እንታይ፡ እንታይ ድኣ ንሃጅም ኣሎና ግዲ” ክብሉን ዳርጋ ሓደ ኮነ። ንዓይ ብወገነይ፡ ጋህሚ ይጀማምረኒ ብምንባሩ ብርቱዕ ጸልማት ነበረ። እቲ ናይ ሓቂ ኩነታት ግን እንድዒ። ምኽንያቱ ጋህሚ ንዝሓዞ ዋላ ብርሃን ናይ ወርሒ እውን ኣይሕግዞን ኢዩ። እዚ ድፋዕ እዚ ግና ጸላኢ ንሰራዊት ህ.ግ.ሓ.ኤን ንሰራዊት ተ.ሓ.ኤን ደፊኡ ንዓራግ ክሕዝ ዝቀራረበሉ ዝነበረ፡ ዒላ ጻዕዳ ዝብሃል ቦታ ነበረ። ከምቲ ብትሕም ትሕም ዝሰማዕኩዎስ ሰራዊት ተ.ሓ.ኤ ኢዩ ንሕና ክሳብ ንመጽእ ዓጊትዎ ዝጸንሐ። ሕጂ ክኣ ሰራዊት ተ.ሓ.ኤ ብናቱ ወገን ኮይኑ ውግእ ይቕጽል ነበረ።

ስለዚ ንምህጃም ከይተዳለና ህጁም ኣካየድና። ህጁም ብዙሕ ግዜ ቅድሚ ሰዓት ሰለስተ ስለ ዘይጅመር፡ ሰዓት ኣርባዕተ ጀሚርናዮ ኔኸውን። መሪር ውግእ ነበረ። ነታ ዕርዲ ቅድሚ ጽሓይ ምብራቓ ካብ ጸላኢ ኣሕደግናዮ። ግና ጸላኢ ኣብ ማዕዶና ድፋዕ ስለ ዝሓዘ ክንስጉም ኣይክኣልናን። መራሕ-ሓይሊ ተስፉ ጎይትኦም ብፍቓዱ ኣብዚ ቦታ ተሰውአ። ምኽንያቱ ምዝላቕ ካብ እኒጅምር ንድሓር፡ ኣብዛ ቀጺላ ዘላ ውግእ ክስዋእ ኢየ ይብል ነበረ። ምኽንያቱ ቃልስና ነዋሕ ኢዩ ይብል ነበረን ጠጠው ቢሉ ብብሬን ይትኩስ ነበረን። ኣብዛ ቦታ እዚኣ ክኣ፡ ግደፍ ኣናተባህለ፡ ኣብ በሪኽ ድፋዕ ኮይኑ ብብሬን ክትኩስ ከሎ ብኣርፒጂ ተዘቢጡ ተበታተነ። እዚ ግዜ ዚ ጸላኢ እቲ ናይ መጨረሻ ደጀን ተጋደልቲ ክሕዝ ቀሪቡሉ ዝነበረ፡ እዚ ዘይብሃል መሳርያታትን እዚ ዘይብሃል ዓወታትን ተወንዚፉ እዩ ይገጥመና ነቢሩ።

ውግእ ቀጸለ። ኣጋ ሰዓት ሰለስተ ድሕሪ ቀትሪ ኣቢልና እታ ጸላኢ ሒዙዋ ዝነበረት ጎቦ ሃጀምናያን ሓዝናያን። እቲ ለይቲ ክኣ ነታ ጎቦ ክንከላኸል ሓደርና። ዝብላዕ ኣይነበረን ግና ማይ ረኺብና። ንጽባሒቱ ብቀትሪ ተጋደም ተብሃልና፡ ተጋደምና ክኣ። ናይ እታ ክትህጀም ትብሃል ዝነበረት ጎቦ ርሕቀት እንተበዝሐ ሓደ ኪሎሜተር ነበረ። ኣብ ሞንጎናን ሞንጎ ጸላኢን ሰጥ ዝበለ ጎልጎል ነበረ። ኣእዋም ጋባ ግና ነበሮ። መኸወሊ ዝኸውም ኣእማን ኣይነበሮን። ስለዚ ትእዛዝ ናይ ምህጃም ምስ ተዋህበ፡ ሓንቲ ዕድል ንክትድሕን ዝነበረት፡ ዝወደቑ ብጾትካ ጠንጢንካ ነታ ጎቦ ምሓዝ ኢያ።

ትእዛዝ ናይ ምህጃም ተዋህበ፡ የማን-ጸጋም እናተጠዋወና ጉያ ጀመርና። ኣብ ጎቦ ዝነበሩ ወተሃደራት ጸላኢ፡ ፈጢሩሎም ጠያይቲ ዘይዓቑሩ፡ ዝናም ናይ ጠያይቲ ኣውረዱልና። መኸወሊ ስለ ዘይነበረ ግና ጉያና ቀጸልና። ኣስታት 300 ሜትሮ ነታ ጎቦ ክንበጽሓ ምስ ተረፈና፡ ወተሃደራት ጸላኢ ምስ ታንክታቶምን ከቢድ ብረቶምን ኣብ ጎዳጉዲ ትሓቢኦም ጸኒሖም ኣርገፉና። ንሕና ተድሃልና። ዘዘሎና መሳርያ እውን ተጠቐምና። ግና ሓይሊ ነገሩ ናብ ሰማይ ገጹ ንትኩሶ ነበርና። ኣነ እውን ተድሃልኩ እሞ ቦምባይ ክድርብያ ቢለ ቀለበታ ኣሙለቕኩዋ።

ግና እታ ቦምባ ምስ እትድርበ ኣሞ ጸላኢ ምስ ዘይትቐትል ዝመጽኣኒ ሳዕቤን ፈሪሐ፡ ነታ ልጓም ሒዘ የማን ጸጋም ርኣኹ። እዚ እናገበርኩ ክኣ ክም ብጾተይ ኣብ ትሕቲ ጋባ ትሓባኣኩ።

ኣብ ትሕቲ ጋባ ኮይንና፡ ዝናም ናይ ጠያይቲ እናወቕዓና፡ ኣነ ክኣ ቀለበታ ዝሞለቐት ቦምባ ሒዘ ነታ ቀለበት ክስኩዓ ደለኹ። እታ ቦምባ ሓንቲ ዕትሮ ትመስል፡ ሓምላይ ዝሕብራ፡ ስርሓት ኣመሪካ ነበረት። ድሓን ኣይትእቶ ክኣ ክልተ ኖኻላት ነበርኣ። ስለዚ ኣነ ንብጾተይ ክሕግዙኒ ሓተትኩዎም። እዚ ኩነታት እዚ እናቐጸለ ክኣ ብጾትና ይወድቁ ነበሩ። እቶም ብጾተይ ብስንባደ “ርሓቕ ኣታ ጃሱስ ከይትልክመና” ቢሎም፡ ካብኦም ክርሕቕ ገደዱኒ። ሓቆም ክኣ፡ ኣነ ብጥይት እንተ ዝትንከፍ እታ ቦምባ ምተተኮሰት ነቢራ። ከምቲ ኣብ ትሕቲ ጋባ ተጸቓቒጥናዮ ዝነበርና ክኣ ገለ ዓሰርተ ሰባት ምለከመት። ኣነ ካብኦም ርሒቐ ነታ ቀለበት ኣብ እታ ጌጋ ኖኻል ሸኺዕክዋ እሞ፡ ከረጋግጽ ቢለ ነታ ልጓም ቀስ ኣቢለ ክፍንዋ ጀመርኩ። እታ ልጓም ክኣ ተገተረት። ሕጂ እውን፡ ዝመጸኒ መግረፍቲን ማእሰርቲን ስለ ዘጀጀወኒ፡ ነታ ልጓም ዋላ ትተኮስ ቢለ ጨበጥኩዋ። ብድሕሪዚ ንብጾተይ “እዛ ኩነታት ኣዛ ትርእይዋ ዘሎኩም ኢያ። ንሸኻትኩም ምስክረይ” ቢለ፡ ነታ ቦምባ ኣርሒቐ ደርበኹዋ። እዚ ኩሉ ኩነታት ኣብ ካብ ደቒቕ ዝውሓደ ግዜ ተፈጸመ። ብወገን የማንና ከቢድ ብረት ናትና ነቶም ኣብ ጎልጎል ትሓቢኦም ጸኒሖም ዝወቕዑና ዝነበሩ ወተሃደራት ክወቕዖም ጀመረ። ንሕና ክኣ መህደሚ ስለ ዝሰኣንና ጋባ ክንበልዕ ጀመርና። ጋባ ኣናበላዕና ከሎና ክኣ ጠያይቲ ዝወቕዮ ጋባ ካብ ላዕሊ ይወድቕ ነበረ። ግና ኣብ መኸወሊ ዘይብሉ ቦታ ብቀትሪ እንተ ሃጂምካ ካልእ ምርጫ ኣይነበረን። ኣብዚ ግዜ እዚ፡ ወተሃደራት ጸላኢ እንተ ዘይሃርፉ፡ንኩልና መጥፍኡና ነቢሮም። ግና ዝቐተልዎም እውን ውሑዳት ኣይነበሩን። መራሒ ጋንታ ሚኪኤል ወልደየሱስ ኣብዚ ቦታ ኣግሩ ተወቕዐ። ሳላ ጉልባብ ናይ ከቢድ ብረት፡ ጸላኢ ኣናራኣየና ናብቲ ከቢድ ብረት ዝነበሮ ገጽና በብቑሩብ ንሃድም ነበርና። ገለ ንሰግር ገለ ክኣ ንወድቕ ነበርና።

እቶም ዘይሞትና ንምሸቱ ክንሃጅም ንቀራረብ ነበርና። ኣብዚ ግዜ እዚ ኣነ ንምክትል መራሒ መስርዕ (መራሒ መስርዕ ስለ ዝተሰውአ) ቦምባ ክህበኒ ሓተትክዎ። ምክትል መራሒ መስርዕ ከምዚ ዝስዕብ መልሲ ሃበኒ። “ኣንታ ጃሱስ፡ ቦምባና ኣብ ጥራሕ ጎልጎል ደርቢኻያስ ሕጂ ክኣ ቦምባ ክትሓተኒ። እዛ ውግእ እሞ ትወዳእ ሓለዋ ሰውራ ክነእትወካ ኢና ወዘተ.....” በለኒ።

ክቡራት ኣንበብቲ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ምዓልታት፡ ደኺመን ጸሚኣን ፈሪሐን ከይበልኩ ኢየ ተዋጊአ። ክንክርደን ቁሩብ ዝተረፈና ኩነታት እውን ነቢሩ። ብዝተፈላለየ ቅቡል ምኽኒታት፡ “ዝገበርኩም ግበሩኒ ኣይዋጋእን ኢየ“ ዝብሉ ነቢሮም። ተስፋ ምቑራጽ ነቢሩ። ኣነ ብወገነይ ግና በቲ ሓደ ወገን ብልጫ ክውሃብ እሞ እታ ንሓለዋ ሰውራ ዝኸደላ ምዓልቲ ክትናዋሕ፡ በቲ ካልኣይ ወገን ክኣ ንሕና ብጸላኢ ክንስዓር ስለ ዘይደሎኹ ብሙልእ ኣቕመይ ተዋጋእኩ።
እቲ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ንብረተይ ትብሎ ነገራት ክኣ ደምና ከፊልና ዝዘመትናዮ እምበር መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ይትረፍ ዶ ኣጽዋር ውግእ ሳእኒ ኮንጎን ኣፋውስን ባንደጅን እኳ ኣኹል ኣይነበሮምን።

ክቡራት ኣንበብቲ፡ ዘይተሰምዐ እምበር መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ኣብ ኤርትራውያን ዘይፈጸሞ ግፍዕ ታት የልቦን። ግና ተጋዳላይ-ነበር ነታ ካብ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤን ካብ ጸላኢን፡ ምዓልቱ ስለ ዘይኣኸለት፡ ዘውጽኣ ሕይወቱ ወዶ ገባን ክሓዲን ሰላዩን ሃዳሚን ወዘተ ዝብሃል ቅጽላት ብህዝብና ይውሃቦ ነበረ። ወረ “ሓቂ ተዛረብ። ካብ ውግእ ፈሪሕካ ኢኻ ሃዲምካ። ስለዚ ናይ ህ.ግ.ሓ.ኤ ሓፋሽ ውድባት ኮይንካ ንሃገርካ ኣገልግል” ዝብል ለበዋታትን ታህዲታትን ይወርደና ነበረ።

በቲ ሓደ ወገን ክነፍሰልና በቲ ካልኣይ ወገን ክኣ እንታውነት መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ንክንነግር እሞ ህዝብና ካብ ኣብ ሰልሚ (ዓዘቕቲ) ምስጣም ክነድሕኖ (እዚ ሕጂ ወዲቑዎ ዘሎ) ብማለት፡ ንዛረብ ነቢርና ኢና። ግና መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ካባና ብዚያዳ ይእመን ነቢሩ ኢዩ። ሕዋሳትካ ምድንዛዝ ክኣ ንግዜኡ ድኣ ካብ ቃንዛ የድሕነካ እምበር ነባሪ መፍትሒ ጸገም ስለ ዘይከውን ሎሚ ኣብ ዝተበራበርናሉ ግዜ ንልዕሊ 30 ዓመታት ዝተኣከበ ዕዳ ናይ ሕመቕና ደቅና ወለድ ወሲኹም ክኸፍልዎ ንርኢ ኣሎና። ዘይክሓድ ኢዩ፡ ኤርትራ ብኣሸሓት ዝቑጸሩ ናይ ዓውደ

ኩናት ጀጋኑ ወሊዳ ኢያ። ከምቲ “ጅግና ኣብ ዓዱ ኣይቅበርን” ዝብል ምስላ ዘሎ እውን፡ ብ ሓለዋ ሰውራ ሰለይቲ ተባሂሎም ዝጠፍኡ ጀጋኑ ውሑዳት ኣይኮኑን። ንክንዕወት ክንበቕዕ ግና፡ ብፍላይ እቶም ኣብ ምንጋጋ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ዘይኣቶና (ኣብ ወጻኢ ሃገራት) ዘሎና፡ ናይ ሓባርን ግሉጽን ቃልሲ ክነካይድ ድሉዋት ክንከውን የድሊ። መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ከም ሕቡር ቃልሲ ዘፍርሖ ነገር የልቦን። ምኽንያቱ ኣንተ ሓቢርና ምዓልቱ ተወዲኡ ማለት ኢዩ። በዚ ምኽንያት እዚ ክኣ ኢዩ ንሎሚ ዝኸውን ሓዲሽ ስልትታት እናጸሞቀ ንጽባሕን ድሕሪ ጽባሕን ዝኸውን ዘጥጅእ።

ካብቶም ናይ ትማሊ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ነቢሮም ምስ ኢሳያስ ኢድን ማንካን ኮይኖም ዝሰርሑ ዝነበሩ፡ ኣነ ብወገነይ ዝገበርዎ ተናዚዞም ይቕረታ ክሓትቱን፡ ብተግባራቶም ክሓንኩን ይግባእ ብሃላይ ኢየ። እዚ ምግባር ተሪፉ ግና “ኣይትጽባሕ እንተ በልኩዎስ ይግሕጥጦ” ከም ዝብሃል “ትሓድሶ ወይ ደግሲ ናይ ህ.ግ.ሓ.ኤ” ኢና ቢልካ ክትጠራነፍ ሓደገኛ መንገዲ ወይ ውን ናይ ኢሳያስ ጥጅእ (ኢሳያስ ምስሃደመ ዝጽሞቕ) ምዃን ኢዩ ብሃላይ ኢየ። ግና ንሳቶም፡ ኢሳያስ እቲ ብደም ንጹሃን ኤርትርውያን ዝተጻሕፈ ኣሰሮም ከይሓኸኽ እንተሃደመ፡ ብቀዳምነት ኣብ ቦትኡ ኮፍ ቢሎም ባዕሎም ክሓኩዎ ይህንደዱ ኣሎዉ። ኣቱም ስዓብቶምከ ክሕኸኽ ትደልይዎ ሓጢያታትዶ ኣሎኩም ኢዩ? ወይስ ካብ ሻዕብያ ንምውጻእ ምርኩስ ስለ ዘድለየኹም ኢዩ?

ዘልዓለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትናን “ሰለይቲ” ተባሂሎም ዝተቐትሉ ኣሕዋትናን
ሰላምን ፍትሒን ንህዝብናን እሱራትናን
ፍሽለት ንትሓድሶ ወይ ደግሲ ናይ ህ.ግ.ሓ.ኤ

ይቕጽል።
ሓጎስ ወልዱ

knzareb@gmx.de